# መዓልቲ ናጽነትን ናይ ኣብዓልታ መንነትን፡

ብወልደስላሴ ዑ. ተስፋይ - ኖርወይ

ኣብ መጀመርታ ናይዛ ሓጻር ጽሕፎይ፡ ንኹሉ ኩቡር፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኮነ ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ህዝቢ ኣርትራ፡ እንኳዕ ኣብ ምጽንባል መበል 14 በዓል ልዕላውነት ሃገርና ኣብጽሓና ክበል ደስ እብለኒ። ወርሒ ግንቦት እቲ ህዘቢ ኢርትራ ንወለዶታት ዝአክል ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእትነት ተሞቝሑ ዝሳቐየሉ ዝነበረ መገዛእታዊ ኣርዑት፡ በቲ ተባዕን ጅግንነታውን ቃልሲ ህዝቢ ዝተማሓወላን ዝለገሰላን ወርሒ ብምኻና፡ ኩሉ ኣረትራዊ፡ ኣበይ ይረከብ ብዘየገድስ፡ ዝዝክራን ዘኽብራን መዓለቲ ኮይና ተለልያ ኣላ። እዛ ናይ ኣሽሓት ደም ብምፍሳስን፡ ብቢሎናት ዝቑጸር ሃብቲ ሃገር ብምዕናውን፡ ናይ ኣሽሓት መነባብሮ ብምምዝባልን ዝመጸት ናጽነት ኩዉን ዝገበረት መዓአልቲ እዚአ ድማ፡ ብውሉድ ወለዶ እናተዘከረትን እናኽበረትን ንዘልአለም ክትነበር ሓንሳብ ንሓዋሩ ተረጋጊጻ እያ።

### እቲ ሕቶ ግን ብመንን ነየናይ ዕላማን ትዝከርነ ትኽብርን እዩ?

እወ ኣብዚ ዘለናዮ መዓልታት እታ ኣብ ወርሒ ግንቦት እትውዕል ታሪኻዊት መዓልቲ ናጽነት፡ 24 ግንቦት፡ ነቲ ክልተ ገጽ ዝሓዘ፡ ብባህርያቱ ድማ ብትረብዒት ተጻራሪ ዝኾነ ኩነታት ህዝቢ ኣርትራ ንመቅላሕ፡ ብክልተ ተጻረርቲ ዝኾኑ ዕላማታት ዝውክሉ ሓይልታት ንኽትዝከር ውዕዉዕ ምሽብሻባት ክካየዳ ጸኒሑ ገናውን ይካየድ ኣሎ። መንነት ኣብዓልታን ዕላማታቶምን ግና፡ በቲ ሓደ ወገን እቲ በቲ ጨፍላቒ ስርዓት ህግደፍ ዝገብር ዘሎ ናይ ምልኪ መደረ ክኸውን ከሎ፡ በቲ ካልአይ ወገን ድማ፡ እቲ በቲ ተቓወምቲ ሓይልታት ንምልክን ግፍዕታት ምልክን ንምቅላዕ ዝግበር ዘሎ ህዝባዊ ምሽብሻበ እዩ፡፧

### እስከ እዞም ክልተ ሓይልታት ዝገብርዎ ዘለዉ ምሽብሻባት ብዕላማኡ ንዓቅኖ።

ዕላማ ናይቲ ብጉጅለ ህግደፍ ዝግበር ዘሎ ርኹስ ምሽብሻብ በቲ እምባ-ገነናዊ መራሒኦም ዝስማዕ ዘሎ መደረታትን እምብአር፡ ነቲ ኣብ ማይ ሓባር ብቕንጸላ ስንኩላን ኲናት ተበጊሱ፡ ድሒሩ ድማ ንአሽሓት ደቂ-ሃገር እናቐንጸለን አበ ጎዳጉድቲ ብምዕባጥ እናማሰነን፡ ንኹሉ ሲቪላዊ መሰላትን ሰብአዊ ክበርታትን እናደምሰሰን እናረገጸን ክመጽእ ድሕሪ ምጽንሑ፡ ኣብ ዓዲ ኣበይቶ ኣብ ጽሓይ ቀትሪ በግዙፍ ዝተቓልዐ ፋሽሽታዊ ተግባራቱ ንምሽፋን ክግልገለሉ ዝህቅን

እዩ። ብኻላእ እበሃህላ፡ ጉጅለ ህግደፍ ነዛ ታሪኻዊት መዓአቲ ህዘቢ ዝኾነት ዕለት እዚአ፡ ንኹሉ ተኹላዊ ተገባራቱ ንምሽፋን፡ ቆርበት ብጊዕ ብምልባስ፡ ከታልለላ ዝፍትነላ መዓልቲ ኮይና ዘላ። ብሓጺሩ ጉጅለ ህግደፍ ንቓነዛን ሰቓይን ህዝቢ ኤርትራ ከም ደስታኡ፡ ንዓጽመ - ስጋ ህዝቢ ኤርትራ ከም ጮማኡ፡ ንደም ህዝቢ ኤርትራ ድማ ከም ድቋ ስውኡ ወሲዱ፡ ክዕንድረላን ክስዕስዓላን ክሰኽረላን ዝውዕል ዘሎ መዓልቲ እያ።

ብአንጻሩ በቲ ሓደ መዳይ፡ ድማ እቲ ንግዝአተ ሕግን ፍትሕን ዝቃለሰ ዘሎ ሓይልታት፡ ነዛ መዓልቲ እዚአ ነቲ ህዝቢ ኤርትራ ብህግደፍ ዝወርዶ ዘሎ መዓትን፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ዝሐለፎ ዘሎ መከራን ስቓይን ዝቃልሓሉን፡ ንህዝቢ ኤርትራ ድማ፡ ነዚ ጨቋኒ ስርዓትዚ ካብ ስሩ ምሕዩ፡ ባዕሉ ዝልእኮን ዘቆጻጸሮን፡ ብሕግን ፍትሕነ ዝገዛእ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ክቃለስ ብድጋቀሚ ዘለዓዕለላን ዝጽውዓላን መዓልቲ እያ።

ስለዚ፡ እምባር እዛ ናይ መበል 14 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ብመን ትብዕልን ነየናይ ዕላማ ንምቅላሕ ትኽብርን፡ ከገድሰናን ከነስተብህለሉን ግቡእ እዩ ጥራሐ ዘይኮነስ፡ ግዴታ እዩውን። ምስኡ አሰዒብና ድማ ነዚ ናይ መበል 14 ዓመት ናጽነታዊ ጽንብል አርትራ ሃገርና አብ ከመይ ዘአምሰለ ሃለዋት ህዝብና ኢና ነኽብሮ ዘለና ዝብል ሕቶ ክነሓትት ናይ ግድን እዩ። መልሱ ድማ፡

- አርትራ ሃገርና ሎሚ ቤት ማሐቡሰ ናይ ብአሽሓት ዝቍጸሩ ምሩጻት፡ ዝኾኑ፡ ንአሽቱን ዓበይትን፡ ደቂ-አንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን ደቃ እያ ኮይና ዘላ፡
- አርትራ ሃገርና ሎሚ ኩሉ መሰላት ዜጋታታ ዝገፈፈት፡ ብሐገ - አለቦነት ዝዘቐበበት፡ ንዜጋታታ ናይ ሓሳቦን ምግላጽ ነጻነት፡ ናይ ምውዳብ ነጻነት፡ ናይ ምግባእ/ምእካብ ነጻነት፡ ዝገፈፈት ሃገር እያ ኮይና ዘላ።
- አርትራ ሃገርና ሎሚ ንወላዲ ደቁ ናይ ምሕቋፍ መሰሉ፡ ንነጋዳይ ናይ ምንጋድ መሰሉ፡ ንሓረስታይ ናይ ምሕራስ መሰሉ፡ ንተመሃራይ ናይ ምምሃር መሰሉ፡ ንሰራሕተይና ናይ ምስራሕ መሰሉ፡ ነጓል-አንስተይቲ ብሰላም ወሊዳ ደቃ ናይ ምዕባይ መሰላ፡ በሱር-ነቀል ዝገፈፈት ሃገር እያ ኮይና ዘላ።
- አርትራ ሃገርና ሎሚ ኩሉ አፍራዪ ሓይላ ንቲ ጨፍላቒ ጠቐመታት ህግደፍ ንኽከላኸል፡ ነቲ ሸዊት ዕድሜኡ አብ ጎቦታትን ጎዳጉድን ንኽብሊ ዝግደደላ ሃገር እያ ኮይና ዘላ።
- አርትራ ሃገርና ሎሚ ብአሽሓት ዝቑጸሩ፡ ነቲ አብ ናጽነታዊ ቃልሲ ዝዓነወ ንብረታ ክሃንጹ ትጽቢት ዝነበሮም ብሉጻት ደቃ ራሕሪሐማ ንስደት ዝጓረቱ ዘለዉ ሃገር እያ ኮይና ዘላ።

- ኤርትራ ሃገርና ሎሚ ብኅረባብታ ዝኾና ሃገራት ከም እሾኹ ምድሪ-ቤት፡ ከም ሕማም ርእሲ ኮይና እትግለጽ ሃገር እያ ኮይና ዘላ።
- ኤርትራ ሃገርና ሎሚ ብፖለቲካዊ፡ ብማሕበራዊ ኮነ፡ በምጣኔ ሃብታዊ መዳያት ኣብ ንጹል ህይወት ኣትያ፡ ትሳቐ ዘላ ሃገር እያ ኮይና ዘላ፡
- ኤርትራ ሃገርና ሎሚ ምሉእ ህዝባ ተጸባይ ረዲኤት ናይ ገበርቲ ሰናይ ኮይኑ፡ ብጠሜትን፡ ብሕማምን ዝሳቐየላ ዘሎ ሃገር እያ ኮይና ዘላ፡
- ኤርትራ ሃገርና ሎሚ ሰላም ዝሓረማ፡ ኩሉ ዓጽመ-ስጋ ዝለበሰ ህዝባ ኣብ ናይ ኲናት ተጠንቀቐ ተጸሚዱ፡ ብስነ-ኣእምራዊ ጭንቀት ዝሳቐየላ ዘሎ ሃገር እያ ኮይና ዘላ፡

ኣረ ክንደይ ኢልካኸ ክጽብጸብ፡ ብኣጠቓላሊ ግና እታ ቅናት ቀይሕ ባሕሪ ዝኾነት ዕሸል ሃገርና ኤርትራ፡ ድሕሪ 14 ዓመታ ካብ ግዱድ መውስቦ ምስ ባዕዳዊ ገዛኢ ምፍትሓ፡ ሎሚ፤ ኩሉ ዓይነት ሕሰም ዝነገሰላ፡ መደበር ግፍዒ፡ መደበር ጭንቂ፡ መደበር ስቓይ፡ መደበር ሕማም፡ መደበር ብልሽት፡ መደበር ጥሜት ወዘተ ወዘት ኮይና ብስእነተ-ሓድነት ትሳቕ ዘላ ሃገር እያ ኮየና ዘላ።

እምብኣርከስ መበል 14 ዓመት በዓል ናጽነት ኣብ እነጽንብለሉ ዘለና ግዜ፡ ብዛዕባ ህዝብናን ሃገርናን ክንሓስብ ከለናን ብዛዕብኡ ዝቃላሕ ቃላት ክንሰምዕ ከለናን ኅሊሁ ዝርኣየና ሓቂ እንታይ እዩ?

- መዓልቲ ናጽነት፡ብወገን ጉጅለ ህግደፍ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩን፡ ናይቲ ፋሽሽታዊ ተግባራቱ ውጽኢት ዝኾኑ ካላኣት ሓቅታትን ንመቕባርን ብናይ መታለሊ መሲሕ ቃላቶም ህዝቢ ንምትላልን ዝመድርሉ ዕለት ክኸውን ከሎ፡
- ብወገን እቲ ንፍትሕን ዲሞክራስን ዝቃለስ ዘሎ፡ብመሪሕ ግደ ተቓወምቲ ውድባት ዝግበር ህዝባዊ በዓል ድማ፡ ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ናይ ህዝብና ሰቓይ ብምቅላሕ፡ ንህዝብና ካብዚ መዓትዚ ንምግልጋል ዝሕግዝ መንገዲ ንምንዳይ ንተሳታፍነት ህዝቢ ብሓፈሻ፡ ተሳታፍነት ናይ መንእሰይ ወዲ ሃገር ድማ ብፍላይ ንምዕዳም ዝዓለመ እዩ።

ኣብ መደምደምታ ክብሎ ዝደሊ እምብኣር፡ ኩሉ መንእሰይ ወዲ ሃገር፡ ናይ ጓይላታት ዘይኮነስ፡ ናይ ዕላማ ግዙእ ብምዃን፡ ካብቲ ብህገደፍ ዝግበር ዘሎ፡ ደም ኤርትራዊ ዝስውኡ፡ መታለሊ ጓይላታት ክርሕቕን፡ ኩሉ ሕልናኡን ዓቕሙን ናብ ረብሓ ህዝብን ሃገርን ከውዕልን ብስም ህዝብን ብስም ፍትሕን ኣማሕጽን።

**ዓወት ንህዝባዊ ቃለሲ፥**
**ዓወት ንፍትሓዊ ቃለሲ**
**ውድቀትን ሞትን ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ጉጅለ ህገደፍ፥**